# ንወለድን ቈልዑን ዘድሊ ሓገዝ ብሓባር ምውሳን

**መምርሒ**/ ሓበሬታ ንወለዲ



መምርሒታት ሓገዝ ንቈልዑን ምክልኻል ቈልዑን © NVO, BPSW en NIP

> ንሓገዝ ዝምልከቱ ውሳነታት ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እቲ ሓገዝ ዝህብን ጥቡቕ ዝኾነ ምምኽኻር ምስ ተገብረ ክወሃቡ ኣለዎም።



**ዝያዳ መብርሂ ንምርካብ፡ ነቲ ኣብዚ መምርሒ ዝርከብ መግለጺ ምንባብ ኣይትረስዕ**

## መእተዊ

ሓደ ሓደ ግዜ ንነፍስወከፍ ስድራ-ቤት ጸገማት የጋጥምዋ እዮም። ቈልዑ ሓደ ሓደ ግዜ ዘይቅቡል ባህሪ ክርእዩ ንቡር`ዩ ወለዲ ኸኣ ኣብ ከምዚ ኲነታት እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ክጠፍኦም ይኽእል እዩ። ገለ እዋናት እቲ ጸገም ኣዝዩ ዓቢ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ቈልዓ ምስ ዕድሚኡ ዘይከይድ ሕማቕ ባህርያት ክርኢ ጀሚሩ ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት፣ ኣዝዩ ዘዕገርግር፡ ነብሱ ዘግልል ወይ ድማ ሑዙን ምስ ዝኸውን። ሓደ ሓደ ግዜ ወለዲ ንባዕሎም ሽግራት ስለ ዘለዎም እቲ ምዕባይ ቈልዑ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኲነታት ከም ወላዲ ኣብ ምዕባይ ቈልዑ ዝተሓጋገዙ ከተሳትፍ ትኽእል ኢኻ። በዓል ሞያ`ውን ናብ ተሓጋገዝቲ ቈልዑ ክሰደካ ይኽእል እዩ።

ንዓኹም ዘድሊ ሓገዝ ከምኡ ድም ንውላድኩም  ዝሰማማዕ ሓገዝ ምስቲ ተሓጋጋዛይ ብሓባር ትውስኑ። ስለዚ ምስቲ ተሓጋጋዚኹም ጽቡቕ ርክብ ክህልወኩም ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። እቲ ዘድሊ ሓገዝ ንስኹምን ተሓጋጋዚኹምን ብጥቡቕ ኢሂን ምሂን ብምብህሃል ክውሰን ይግብኦ። እዚ ኣገባብ፡ ዋላ`ውን ብውሳነ ዳኛ ናይ ቈልዑ ውላድኩም ኣብ ትሕቲ ክትትል ክኣቱ፡ ወይ ከኣ ውላድኩም ተመንጢልኩም እንተኾንኩም፡ ክሰዓብ ዘለዎ እዩ።

እዚ ``ንወለድን ቈልዑን ዘድሊ ሓገዝ ብሓባር ምውሳን`` ዝብል መምርሒ እምበኣር ወለድን ተሓጋጋዚን ከመይ ጌሮም ብሓባር ዝበለጸ ውሳነ ይወስዱ ንምሕጋዝ ተባሂሉ ዝተዳልወ ኢዩ። ኣብዚ ጽሑፍ ነቲ መምርሒታት ጾሚቕና ኣቕሪብናዮ ኣለና። እዚ መምርሒ ምስ ዝርድኣኩም ካብ ተሓጋገዝቲ እንታይ ከም ትጽበዩ ክትፈልጡ ትኽእሉ። ከምኡ`ውን ነዚ ሓበሬታ ምስ ተሓጋጋዚ ክትማኸሩ ከለኹም ከም መወከሲ ክትጥቀምሉ ትኽእሉ።

# ምኽሪ ንወለዲ



ከም ወላዲ መጠን ንውሉድካ ኣብ ምምሃርን ኣብ ምዕባይን ሓላፍነት ኣለካ።

- ስለዚ፡ ምስ ተሓጋጋዚኻ ሓቢርካ ብንጥፈት ሕሰብ፣ ንተሓጋጋዚ ድማ ኣብዚ ጉዳይ ብቑጻሊ ከሳትፈካ ምእንቲ ሕተቶ።
- ዘጋጥመካ ዘሎ ጸገማት፡ ክትልውጦ እትደልዮ ነገራት፡ ብኸመይ ለውጢ ክትገብር ከም እትኽእልን፡ ዘለካ ሓሳባትን ንተሓጋጋዚኻ ኣካፍሎ።
- ተሓጋጋዚ ምሳኻ ኮይኑ ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ክድህስስ ኢዩ፤ ንወድኻ ወይ ንጓልካ ብዝያዳ ንምሕጋዝ እንታይ ክትገብር ትደልን ትኽእልን?
- ንምኽሪ ብክፉት ኣእምሮ ተቐረብ፡ ብእተኻእለካ መጠን ድማ ክትገብሮ ፈትን።
- ርእይቶኻ እውን ንገር። ንኣብነት፡ እቲ ምኽሪ ንዓኻን ንውላድካን ዘይሰማምዓኩም እንተኾይኑ ኣብ ግዜኡ ሓብር፣ ምስ ተሓጋጋዚ እንታይ ክትገብሩ ከም እትኽእሉ እውን ተላዘብ።
- ካልኦት ብዛዕባ ውሉድካ ዘለዎም ስክፍታ ኣርዚንካ ርኣዮ፣ ርእይቶኻን ሓሳባትካን ድማ ሃብ።

ውላድካ ኲሉ ግዜ ውላድካ ምኺኑ ኣይተርፎን ኢዩ፣ ዋላ`ውን ናይ ወላዲ ናይ ሞግዚት ስልጣን ኣይሃልኻ፣ ወይ ከኣ ኣብ ምዕባይ ውላድካ ክትትል ክግበር ውሳነ ተዋሂቡ እንተኾይኑ፣ ወይ ድማ ውላድካ ምሳኻ ዘይነበር (ወላ ንግዚኡ) እንተኾይኑን። ምስ ተሓጋጋዚኻ ሓቢርካ ብንጥፈት ሕሰብ፣ ንተሓጋጋዚ ድማ ኣብዚ ጉዳይ ብቑጻሊ ከሳትፈካ ምእንቲ ሕተቶ።

1) “ቈልዑ” ክንብል ከለና `መንእሰያት` (ካብ 12 ክሳብ 18 ዕድሚኦም) እውን ዘጠቓልል እዩ። `ቈልዑ` ወይ `ቈልዓ` ዝብል ቃል ንሓደ ወይ ንብዙሓት ከምዘመልክት ኮይኑ ክንበብ ይኽእል።
2) ኣብዚ ጽሑፍ “ወለዲ” ዝብል ቃል ናይ ሞግዚት ስልጣን ዘለዎም ወለዲ፣ብወዲ-ጡብ ቈልዓ ዘዕብዩ ወለዲ፣ መጻምድቲ ናይ ሓደ ወላዲን ናይ ካልእ ቈልዓ ዘዕብዩ ወይ ዝከናኸኑ ስድራ-ቤትን ማለት እዩ። ወለዲ ዝብል ቃል ንግዚኡ ቈልዑ ዝኣልዩ ወለዲ ወይ ስድራቤታት ኣይውክልን እዩ። `ወለዲ` ዝብል ቃል `ወላዲ` ተባሂሉ ክንበብ ይኽእል፣ ከምኡ ውን ብኣንጻሩ።

# ደረጃ ብደረጃ

እቲ ዘድሊ ሓገዝ ኣየናይ ምዃኑ ንምውሳን ክስዓቡ ዘለዎም ሽዱሽተ ደረጃታት ኣለዉ (ስእሊ ቁጽሪ 1 ተወከስ)። ኣብ ኩለን ደረጃታት እቲ ተሓጋጋዛይ ምሳኻን ምስ ደቅኻን ተሓባቢሩ እዩ ዝሰርሕ።

ስእሊ ቁጽሪ 1. ሽዱሽተ ደረጃታት ኣብ ምውሳን ሓገዝ

ሓገዝ ንምርካብ ባዕልኻ ሓቲትካ ወይ ሓደ ሰብ ዘሻቕል ነገር ኣሎ ኢሉ ጠሪዑ ክኸውን ኣለዎ

1. ሕቶኻ ወይ ድማ ጸገምካ እንታይ እዩ?
2. ተወሳኺ መጽናዕቲ
3. ክትረኽቦ ትደልዮ ውጽኢት እንታይ እዩ?
4. ብሓባር ኰይንና ብዛዕባ እቲ ዝበለጸ ዝሰማማዕ (ምሹው) ሓገዝ ንውስን
5. ካብ ስድራ ቤት፣ ኣዕሩኽን ሞያውያንን ሓገዝ ወይ ደገፍ
6. ገምጋም ሓገዝ፡ ተወሳኺ ሓገዝ ዘድሊ እንተ ኰይኑ ድማ ብሓባር ምውሳን

ምዝዛም ሓገዝ





## 1. ሕቶኻ ወይ ጸገምካ እንታይ እዩ?

ግቡእ ሓገዝ ንምርካብ፣ ብመጀመርያ ንስኻን ተሓጋጋዚኻን ኣብ ገዛ እንታይ የጋጥም ከምዘሎ ዘርዝሩ። እቲ ጸገም እንታይ እዩ? ክብደት ናይቲ ጸገም ንታይ እይመስል? ካበይ እዩ መጺኡ? መነመን እዮም ተዋሳእቲ? ሳዕቤኑኸ እንታይ እዩ? ውላድካ ኣብ ገዛ ውሑስ ድዩ? ነዞም ሕቶታት ተሓጋጋዚኹም ምሳኹም ብሓባር ኮይኑ መልሲ ክረኽበሎም ክፍትን ኢዩ። ተሓጋጋዚኹም ንዓኻን ንውላንድካን ዝርዝር ሕቶታት ዘለዎ ወረቐት ክትመልኡ ወይ`ውን መርመራ ክትወስዱ ክሓተኩም ይኽእል እዩ። እዚ ክገብር ከሎ፣ ካብቲ ዝግባእ ሓበሬታ ንላዕሊ ኣይእክብን እዩ።



## 2. ተወሳኺ መርመራ

ኣብ ሓደ እዋን ብዙሓት ጸገማት እንተድኣ ሃልዮም፣ ብዝበለጸ ትሕገዙሉ መንገዲ ንኽንጽር ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ከምኡ ምስ ዝኸውን ዝያዳ መጽናዕቲ የድሊ ማለት እዩ። ምስ ተሓጋጋዚኹም ብምዃን ንዕኡ ዝኸውን መደብ ተውጽኡ። ኣብዚ መደብ ናብቲ ቅኑዕ ውሳኔ ንምብጻሕ ኣየኖት ሕቶታት ክምለሱ ከምዘለዎምን፣ መልሶምከ ብኸመይ ክርከብ ይከኣል ይጥቀስ። ተሓጋጋዚኩም ዝርዝር ሕቶታት ክትምልሱ ወይ ውን መርመራ ክትገብሩ ክሓተኩም ይኽእል። እዚ ኣብ ገዛኻ ብልክዕ እንታይ እዩ ዘጋጥም ዘሎን ብኸመይከ ብዝበለጸ ክትሕገዝ ከም ትኽእልን ንምርዳእ ክሕግዝ ይኽእል።

በዚ መንገዲ ደረጃ ብደረጃ ነቲ ጸገም ክትርድኦ ትኽእል። እዚ ብዛዕባ ጠንቅን ሳዕቤንን ጥራይ ዘይኮነ፣ ብዛዕባ ናትካ ብቕዓታትን ካብ ከባቢኻ እትረኽቦም ወይ`ውን ክትረኽቦ እትኽእል ደገፋትን፣ ከምኡ ውን ከም መፍትሒ ከገልግሉ ዝኽእሉ ፍታሓትን እውን ዘጠቓልል እዩ። ብሓባር ጸገማትካ እንታይ ምዃኖምን ብኸመይ ክፍትሑ ከምዝኽእሉን ትፈልጡ። ተሓጋጋዚኻ ነዚ ነገር ኣብ መዛግብትኻ ከስፍሮ ከምኡ`ውን ምስ መሳርሕቱ ክመያየጠሉ ኢዩ። መሳርሕቱ እንታይ ከምዝበለ ተሓጋጋዚኻ ክነግረካ ኢዩ።



## 3. ክትረኽቦ ትደልዮ ውጽኢት እንታይ እዩ?

ድሕሪኡ፡ ነቲ ክትበጽሖ እትደሊ ብሓባር ትውስኑ፣ ማለት ክትርእዮ እትደሊ ጭቡጥ ለውጥታት። ኣብ ገዛኻ እንታይ ክትቅይር ትደሊ? እቲ ሓገዝ ምስ ተወድአ፡ ኣብ ገዛኹም ዘሎ ኵነታት እንታይ ክመስል ትደልዩ? ብርታዐ ዝህበካ ነገራትከ ኣሎዶ? ጽቡቕ ዝኸዱ ዘለዉ ነገራት፡ ወይ ናይ ገዛኻ ኵነታት ንክመሓየሽ ክሕግዙካ ዝኽእሉ ሰባት ወይ ነገራት ኣለዉዶ? ምናልባት ኣብ ሓደ እዋን ብዙሓት ክዕየዩ ዘለዎም ነገራት እንተሃልዮም፣ ምስተሓጋጋዚኹም ብሓባር ኮንኩም ብቐዳምነት ክልወጡ ዘለዎምን ክጸንሑ ዝኽእሉን ክተለልዩ ኢኹም።

## 4. ዘድሊ ሓገዝ ብሓባር ምውሳን



ናይ ገዛኻ ኩነታት ንጹር እንተኾይኑ፣ እቲ ጸገም ብቐሊሉ ክፍታሕ ይኽእል። ምናልባት ብሒደት ቀለልቲ ምኽርታት፣ ብውሑድ ሞያዊ ሓገዝ ወይ ብሓገዝ ኣብ ቀረባ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ክፍታሕ ይከኣል ይኸውን። ተሓጋጋዚኻ ብዛዕባ እዚ ምሳኻ ክመያየጥ እዩ። ብሓባር ድማ ነቲ ኩነታት ብኸመይ ክትፈትሖ ከምትደሊ ክትውስኑ ኢኹም። ዋላ`ውን ኣብ ሓደ እዋን ብዙሓት ጸገማት እንተሃለዉ፣ ተሓጋጋዚኻ ብዛዕባ እቲ ጸገም ባዕልኻ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል ምሳኻ ይመያየጥ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብሓባር ኣብ ውሳነ ክትበጽሑ ኢኹም። እዚ ውሳነ ኣብ ፋይልካ ክምዝገብ ኢዩ። ከምኡ`ውን ነቲ ሓበሬታኻ ናብ ካልኦት ተሓጋገዝቲ (ናይ ክንክን ትካላት) ናይ ምሕላፍ ስምምዕ ትገብር። ተሓጋጋዚ ነዚ ንምግባር ፍቓድካ የድልዮ እዩ። ተሓጋጋዚ ብዛዕባኻ ገለ ሓበሬታ ከመሓላልፍ ዝደለየሉ ምኽንያት ብንጹር ክገልጽ ኣለዎ። ሓበሬታ ምምሕልላፍ ንዓኻ ከም ሓታቲ ሓገዝ መጠን ጠቓሚ ክኸውን ኣለዎ። ንኣብነት፡ ዝተፈላለዩ ናይ ሓገዝ ዝህቡ ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ጉዳይካ ክከታተሉ ከለዉ ዛንታኻ ደጋጊምካ ካብ ምንጋር ትድሕን።

ድሕሪ እዚ ስጕምትታት እቲ ሓገዝ ክጅምር ይኽእል እዩ።

## 5. ሓገዝ ካብ ቤተሰብ፡ ኣዕሩክን መሓዙትን፡ ሞያውያንን



ካብ ናይ ቀረባ ከባቢኻ እንታይ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል፣ ከምኡ 'ውን ኣየናይ ሞያዊ ደገፍ ክርከብ ከምዝከኣል ክገልጸልካ ኢዩ። ተሓጋጋዚኻ ንሱ ክህበካ ዝኽእል ዓይነት ደገፍ ክነግረካ ኢዩ፡ ከምኡው`ን ናይ ካልኦት ዓይነታት ሓገዛት ጥቕሞምን ጉድኣቶምን ክገልጸልካ እዩ። ብዝዕባ እዚ ዝተባህለ ሓገዝ ንስኻ ሓሳብካ ከተካፍሎ ክሓተካ እዩ።

## 6. ምግምጋም ሓገዝ፣ ተወሳኺ ሓገዝ ዘድሊ እንተኾይኑ ብሓባር ምውሳን



ተሓጋጋዚኻ ኩነታት ከመይ ይኸይድ ከምዘሎን እዚ ሓገዝ ብሓቂ ሓጋዚ ምዃኑን ዘይምዃኑን ብቐጻሊ ከማኽረካ እዩ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ፣ ብዘይ ሓገዝ ክትቅጽል ትኽእል እንተኾይንካ፣ እቲ ሓገዝ የቋርጽ። ኩነታት ገዛኻ ክስተኻኸል እንተዘይክኢሉ ግን እቲ ተሓጋጋዚ ካልእ ሓገዝ ትረኽበሉ መንገዲ ምሳኻ ክላዘብ ኢዩ።



### ተወሳኺ ሓበሬታ

እዚ ንወለድን ቈልዑን ዘድሊ ሓገዝ ብሓባር ምውሳን ዝብል መምርሒ፡ ምስ ክኢላታትን ዓማዊልን ኣብ ዝተገብረ ምይይጥ ከምኡ ድማ ብክኢላታት ካብ ዝተዳለወ ጽሑፋትን ተሞርኪሱ ዝተዳለወ እዩ። ነቲ መምርሒ ኣብዚ ከተንብቦ ትኽእል ኢኻ፤

www.richtlijnenjeugdhulp.nl



### ሓጺር መግለጺ

ኣብዚ ሰነድ ተዳልዩ ዘሎ ሓበሬታ ኣብ ምድላው እዚ ጽሑፍ ዝተሳተፉ፣ ማሕበር ሰብ ሞያን ሞያውያንን፡ ከምኡ ድም ዓማዊልን፣ ዝሃብዎ ርእይቶን ምኽርን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። እዚ ሓበሬታ ኣብ ታሕሳስ 2021 ናይ መወዳእታ ምምሕያሽ ተገይሩሉ ኣሎ።

> "እዚ መምርሒ፡ ዳኛ ናይ ቈልዑ ንውላድካ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ክኣቱ እንተ ወሲኑ፡ ወይ ከኣ ውላድካ እንተተመንጢልካ (ካብ ገዛኻ እንተተወሲዱ) እውን ዝምልከት እዩ።"

ትርጉምን ምትሓዝ መልክዕን፥ Nidos, jeugdbescherming voor vluchtelingen. መጋቢት 2022